**ሓበሬታዊ መግለጺ ብዛዕባ ክታበት**

# ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ

(ተታነስ፡ ዲፍተሪያን ትኽትኽታን)

## እንታይ ክትፈልጥ ትደሊ

Many Vaccine information Statements are available in Spanish and other languages. See www.immunize.org/vis

Hojas de información sobre vacunas están disponibles en español y en muchos otros idiomas. Visite www.immunize.org/vis

## 1 ስለምንታይ ክታበት ይኽተብ?

**ተታነስ፡ ዲፍተሪያ** ከምኡ ድማ **ትኽትኽታ** ኣዝዮም ከበድቲ ሕማማት እዮም። ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ካብዞም ሕማማት እዚኣቶም ክከላኸለልና ይኽእል። ከምኡ ድማ፡ ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ዝወስዳ ነብሰ-ጾራት ኣደታት፡ እቶም ዝወልዳኦም ናጽላታት ብትኽትኽታ ንኸይልከፉ ይካላኸለሎም።

**ተታነስ** (ምዕጻው መንጋጋ) ሎሚ ኣብ ኣመሪካ ሳሕቲ`ዩ ዝርአ። ቃንዛ ዘለዎ ምጭብባጥን ምድራቕን ናይ ጭዋዳታት የስዕብ። ኩሉ ግዜ ድማ ኣብ መላእ ኣካላት ይርአ።
- ኣብ ርእሲን ክሳድን ምጭብባጥ ናይ ጭዋዳታት ከኸትል ይኽእል። ስለዚ ኣፍካ ሃህ ከተብሉ፡ ክትውሕጥ፡ ሓደ ሓደ ግዜ`ውን ወላ ከተተንፍስ ኣይትኽእልን። ተታነስ፡ ወላ ካብቶም ዝበለጸ ሕክምናዊ ፍወሳ ድሕሪ ምርካቦም ዝለኸፎም 10 ሰባት፡ ነቲ ሓደ ናብ ሞት የብጽሖ።

**ዲፍተሪያ** እውን ሎሊ ኣብ ኣመሪካ ሳሕቲ እዩ ዝርአ። ኣብ ዳሕረዋይ ወገን ናይ ውሽጢ ጎረሮ ዝፍጠር ረጕድ ሽፋን ከስዕብ ይኽእል።
- ናብ ናይ ምስትንፋስ ጸገማት፡ ድኻም ልቢ፡ መልመስቲን ሞትን ድማ ከምርሕ ይኽእል።

**ትኽትኽታ**(ብርቱዕ ሰዓል)፡ ናይ ምስትንፋስ ጸገም፡ ተምላስን ናይ ድቃስ ጸገምን ከስዕብ ዝኽእል ከቢድ ሰዓል የኸትል።
- ምንካይ ክብደት ኣካላት፡ ምጥፋእ ተጻዋርነት፡ ከምኡ ድማ መንቃዕቲ ናይ መሰንገለ`ውን ከስዕብ ይኽእል። ብትኽትኽታ ካብ ዝጥቅዑ 100 ኮተቴታት እቶም 2፡ ካብ 100 ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ ድማ እቶም 5 ናብ ሆስፒታል ይኣትዉ፡ ወይ ከኣ ኒሞኒያ፡ሞት ከስዕበሎም ዝኽእል ዝተሓላለኸ ጥዕናዊ ጸገማት ይህልዎም።

እዞም ሕማማት እዚኣቶም ብባክተሪያ እዮም ዝመጹ። ዲፍተሪያን ትኽትኽታን ብዓኽታ ወይ ብምህንጣስ ኣቢሉ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክመሓላለፍ ይኽእል። ተታነስ ብዝተጨንድሐ፡ ዝተላሕጸጸ፡ ወይ ድማ ብዝቖሰለ ቆርበት ኣቢሉ ናብ ኣካላት ይኣቱ።

ክታበታት ቅድሚ ምምዕባሉ፡ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ክሳብ 200,000 ዝበጽሕ ተርእዮታት ናይ ዲፍተሪያ፡ 200,000 ተርእዮታት ናይ ትኽትኽታ፡ ከምኡ ድማ ኣማኢት ተርእዮታት ናይ ተታነስ የጋጥም ነይሩ። ክታበት ካብ ዝጅምር ንደሓር ግን፡ እቲ ዘጋጥም ዝነበረ ተርእዮታት ናይ ተታነስን ዲፍተሪያን ብኣስታት 99% ክጎድል እንከሎ፡ ተርእዮ ናይ ትኽትኽታ ድማ ብኣስታት 80% ነክዩ።

## 2 ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ

ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ፡ ንኮተቴታትን ንዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑን ካብ ተታነስ፡ ዲፍተሪያን ትኽትኽታን ይከላኸለሎም። 11 ወይ ድማ 12 ዓመት ንዝዕድመኦም ሰባት፡ ኩሉ ግዜ ሓንቲ ዶዝ ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ትወሃቦም። ኣብዚ ዕድመ`ዚ ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ዘይወሰዱ ሰባት፡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፎም ክኽተቡ ኣለዎም።

ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ፡ ብፍላይ ንሰብ-ሞያ ጥዕናን ምስ ትሕቲ 12 ወርሒ ዝዕድመኡ ናጽላ ጥቡቕ ርክብ ንዘለዎ ዝኾነ ሰብን ኣገዳሲ/ ጠቓሚ እዩ።

ነብሰ-ጾራት ኣደታት፡ እቶም ዝወልዳኦም ናጽላታት ካብ መልከፍቲ ትኽትኽታ መታን ክድሕኑ **ኣብ ነፍሲ-ወከፍናይ ጥንሲ ግዜ፡** ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ክወስዳ ኣለወን። ትኽትኽታ ብዘስዕቦ ንህይወት ዝፈታተን ከቢድ ጥዕናዊ ጸገማት ዝቃልዑ ዝያዳ ናጽላታት እዮም።

ካልእ ቲ.ዲ ዝተባህለ ክታበት`ውን ካብ ተታነስን ዲፍተሪያን ይከላኸል እዩ፡ ካብ ትኽትኽታ ግን ኣይከላኸልን እዩ። ክታበት ቲ.ዲ ከም መበራትዒ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 10 ክወሃብ ኣለዎ። ኣቐዲምካ ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ወሲድካ ዘይትፈልጥ እንተ ኮይንካ፡ ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ከም መበራትዒ ክወሃበካ ይኽእል እዩ። ከቢድ መብጣሕቲ/ ምጭንዳሕ ናይ ቆርበት ወይ ቃጸሎ እንተደኣ ኣጋጢሙካ፡ ካብ መልከፍቲ ተታነስ ንምድሓን ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

ሓኪምካ ወይ ድማ እቲ ክታበት ዝህበካ ዘሎ ሰብ ብዛዕባ`ዚ ተወሳኺ ሓበሬታ ክህበካ ይኽእል እዩ።

ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ምስቶም ካልኦት ክታበታት ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ብውሕስ መገዲ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

## 3 ገለ ሰባት ነዚ ክታበት`ዚ ክወስዱዎ የብሎምን

- ዝኾነ ሰብ ናይ ዲፍተሪያ፡ ተታነስ ወይ ትኽትኽታ ትሕዝቶ ዘለዎ ዶዝ ክታበት ድሕሪ ምውሳዱ ንህይወቱ ዘስግእ ቁጥዐ ኣካላት ኣጋጢሙዎ ዝፈልጥ እንተ ኾይኑ፡ ወይ ምስቲ ክታበት ብዝተኣሳሰር ምኽንያት ከቢድ ቁጥዐ ኣካላት ኣጋጢሙዎ እንተ ነይሩ፡ ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ክወስድ የብሉን። ብዛዕባ`ቲ ኣጋጢሙዎ ዝፈልጥ ከብድ ቁጥዐ ኣካላት ነቲ ክታበት ዝህብ ሰብ ክሕብሮ ኣለዎ።
- ዝኾነ ሰብ ብህጻኑ እንከሎ ክታበት ዲ.ቲ.ፒ ወይ ዲ.ቲ.ኤ.ፒ ምስ ወሰደ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልቲ ዕውለት ወይ ንነዊሕ ዝቐጸለ ተደጋጋሚ ምንፍርፋር ኣስዒብሉ ዝፈልጥ እንተ ኾይኑ፡ ክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ክወስድ የብሉን። They can still get Td.
- ንሓኪምካ ተወከሶ - እንተደኣ:
  - ናይ ምንፍርፋር ወይ ካልእ ናይ ስርዓተ-ነርቭ ጸገማት ኣለካ፡
  - ናይ ዲፍተሪያ፡ ተታነስ ወይ ናይ ትኽትኽታ ትሕዝቶ ዘለዎ ዝኾነ ክታበት ድሕሪ ምውሳድካ ከቢድ ቃንዛ ወይ ሕበጥ እንተኣጋጢሙካ፡
  - ጉለይን-ባረ ሲንድሮም (GBS) ዝተባህለ ናይ ነርቭታት ጸገም ኣጋጢሙካ ዝፈልጥ እንተ ኾይኑ፡
  - ኣብቲ ክታበት ዝወሃበሉ ግዜ ጥዕናኻ ጽቡቕ እንተዘይ ተሰሚዑካ፡

## 4 ሓደጋታት

ዝኾነ መድሃኒት፡ እንተላይ ክታበት፡ ኣብ ጥዕና ጎድናዊ ሳዕቤናት ናይ ምኽታል ተኽእሎ ኣለዎ። እዞም ጎድናዊ ሳዕቤናት ቀለልቲን ግዚኦም ሓልዮም ባዕሎም ዝጠፍኡን እዮም። ገሊኦም ከኣ ኣዝዮም ከበድቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡ ግን ሳሕቲ እዮም ዘጋጥሙ።

መብዛሕትኦም ንክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ዝወስዱ ሰባት ዝኾነ ጥዕናዊ ጸገም ኣየማዕብሉን።

**ብክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ዝስዕቡ** ቀለልቲ ጥዕናዊ ጸገማት (ኣብ ንጥፈታት ዕንቅፋት ኣይፈጥሩን`ዮም)

- ቃንዛ ኣብቲ መርፍእ ክታበት ዝተወግኣሉ ክፋል ኣካላት (ኣስታት 3 ካብ 4 በጽሒታት ወይ 2 ካብ 3 እኹላት ሰባት ቃንዛ ይስምዖም)
- ኣብቲ መርፍእ ክታበት ዝተወግኣሉ ክፋል ኣካላት ቆርበት ይቕይሕ ወይ ይሓብጥ (1 ካብ 5 ሰባት ከምዚ ዓይነት ጸገም የጋጥሞ)



U.S. Department of Health and Human Services
Centers for Disease Control and Prevention

- እንተተሓተ 100.4° ፈርሃናይት ዝበጽሕ ፈኲስ መጠን ረስኒ (ኣስታት 1 ካብ 25 በጽሒታት ወይ ድማ 1 ካብ 100 እኹላት ሰባት እዚ ጸገም`ዚ የጋጥሞም)
- ቃንዛ ርእሲ/መርዘን (ካብ 10 ሰባት ኣስታት 3 ወይ 4 ከምዚ ጸገም የጋጥሞም)
- ድኻም/ስልቹው ምባል (ካብ 3 ወይ 4 ሰባት 1ከምዚ ጸገም የጋጥሞ)
- ውሽጣዊ ዕግርግር፡ ተምላስ፡ ውጽኣት፡ ቅርጸት ከብዲ፡ (1 ካብ 4 በጽሒታት ወይ 1 ካብ 10 እኹላት ሰባት ከምዚ ዓይነት ጸገም የጋጥሞም)
- ገብገብ/ቀብቀብ ምባል፡ መቑሰልቲ ናይ መለጋግቦ፡ (ኣስታት 1 ካብ 10 ሰባት ከምዚ ጸገም የጋጥሞም)
- ቃንዛ/ቅርጥማት ኣካላት (ኣስታት 1 person ካብ 3 ወይ 4 ሰባት ከምዚ ጸገም የጋጥሞም)
- ሹፍ ዝበለ ዕንፍሩር፡ ሕበጥ ጽክታት (ልሙድ ኣይኮነን)

**ብክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ዝስዕቡ** መጠናዊ ጥዕናዊ ጸገማት (ኣብ ንጥፈታት ዕንቃፋት ክፈጥሩ ይኽእሉ`ዮም፡ ግን ሕክምናዊ ቆላሕታ ዘድልዮም ኣይኮኑን)

- ቃንዛ ኣብቲ መርፍእ ክታበት ዝተወግኣሉ ክፋል ኣካላት(1 ካብ 5 ወይ 6 ሰባት ከምዚ ጸገም የጋጥሞም)
- ኣብቲ መርፍእ ክታበት ዝተወግኣሉ ክፋል ኣካላት ቀርበት ይቕይሕ ወይ ይሓብጥ (ኣስታት 1 ካብ 16 በጽሒታት ወይ 1 ካብ 12 እኹላት ሰባት ከምዚ ጸገም የጋጥሞም)
- ልዕሊ 102° ፈርሃናይት ዝበጽሕ መጠን ረስኒ (1 ካብ 100 በጽሒታት ወይ 1 ካብ 250 እኹላት ሰባት ከምዚ ጸገም የጋጥሞም)
- ቃንዛ ርእሲ/መርዘን (1 ካብ 7 በጽሒታት ወይ 1 ካብ 10 እኹላት ሰባት ከምዚ ጸገም`ዚ የጋጥሞም)
- ውሽጣዊ ዕግርግር፡ ተምላስ፡ ውጽኣት፡ ቅርጸት ከብዲ ( 1 ወይ 3 ካብ 100 ሰባት እዚ ጸገማት`ዚ የጋጥሞም)
- እቲ መርፍእ ክታበት ዝተወግኣሉ ኢድ ብምልኡ ይሓብጥ (ኣስታት 1 ካብ 500 ሰባት እዚ ጸገም`ዚ የጋጥሞም)።

**ብክታበት ቲ.ዲ.ኤ.ፒ ዝስዕቡ** ከበድቲ ጥዕናዊ ጸገማት (ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ከቢድ ዕንቅፋት ስለዝፈጥሩ፡ ሕክምናዊ ቆላሕታ የድልዮም)

- ኣብቲ መርፍእ ክታበት ዝተወግኣሉ ክፋል ኢድ/ምናት ሕበጥ፡ ከቢድ ቃንዛ፡ መድመይቲን ምቕያሕ ቆርበትን(ሳሕቲ የጋጥም)።

**ድሕሪ ዝኾነ ክታበት ምውሳድ ክኽሰቱ ዝኽእሉ ጥዕናዊ ጸገማት:**

- ሰባት ሓደ ሓደ ግዜ ሕክምናዊ ፍወሳ ድሕሪ ምክያዶም እንተላይ ክታበት ድሕሪ ምኽታቦም ሃለዋቶም የጥፍኡ እዮም። ንኣስታት 15 ደቓይቕ ኮፍ ምባል ወይ ተጸጊዕካ ምድቃስ፡ ሃለዋትካ ካብ ምጥፋእን ብመውደቕቲ ከጋጥመካ ካብ ዝኽእል መጉዳእቲን የድሕነካ። ርእስኻ ክዞረካ/ክንጸራርወካ፡ ናይ ምርኣይ ዓቕሚኻ ክቀያየር፡ ወይ ድማ ኣእዛንካ ዉው. . . ዝብል ድምጺ ከስምዓካ እንተ ጀሚሩ፡ ንሓኪምካ ሓብሮ።
- ገለ ሰባት ኣብቲ መርፍእ ክታበት ዝተወግኣሉ ክፋል ኣእዳዎም ብርቱዕ ቃንዛ ስለዝስምዖም፡ ኣእዳዎም ከንቀሳቕስዎ ኣመና ይሽገሩ። እዚ ጸገማት`ዚ ሳሕቲ`ዩ ዘጋጥም።
- ዝኾነ ሕክምናዊ ፍወሳ ከቢድ ቁጠዐ ናይ ኣካላት ከስዕብ ይኽእል እዩ። ገለ ጥዕናዊ ጸገማት ኣዝዮም ሳሕቲ`ዮም ብኽታበት ዝስዕቡ፡ ብገምጋም ካብ ሓደ ሚልዮን ዶዝ፡ ትሕቲ 1 ዶዝ ጥራይ`ዩ ከምዚ ዓይነት ጸገማት ከስዕብ ዝኽእል። ድሕሪ ክታበት ካብ ሒደት ደቓይቕ ክሳብ ሒደት ሰዓታት ኣብ ዘሎ ግዜ ድማ ይኽሰቱ።

ክታበት፡ ከም ዝኾነ መድሃኒት፡ ሓደገኛ ጥዕናዊ ሳዕቤን ወይ ሞት ናይ ምስዓብ ኣዝዩ ጸቢብ ተኽእሎ ኣለዎ።

ክታበት ውሕስነቱ ክረጋገጽ ስለዘለዎ፡ ኲሉ ግዜ ቁጽጽር/ክትትል ይግበረሉ እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ኣድራሻ`ዚ ኣቲኻ ተወከስ: **www.cdc.gov/vaccinesafety/**

## 5 ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም እንተኣስዒቡ እንታይ ክግበር ኣለዎ?

### ክስተውዕለሉ ዘለኒ እንታይ እዩ?

- ከሻቕለካ ንዝኽእል ዝኾነ ጥዕናዊ ጸገማት ከተስተብህለሉ ኣለካ። ምልክታት ናይ ቁጥዐ ኣካላት፡ ኣዝዩ ልዑል መጠን ረስኒ፡ ወይ ድማ ዘይልሙድ ጠባይ/ባህርይ ገለ ካብኣቶም እዮም።
- ምልክታት ናይ ብርቱዕ ቁጠዐ ኣካላት፡ ዕንፍሩርን ሰሓን ኣብ ቆርበት፡ ሕበጥ ኣብ ገጽን ጎረሮን፡ ጸገማት ናይ ምስትንፋስ፡ ዘይንቡር/ቅልጡፍ ህርመት ልቢ፡ ምንጽርራው ናይ ርእሲን ድኻም ኣካላትን ከጠቓልል ይኽእል። እዞም ጸገማት እዚኣቶም፡ ድሕሪ ክታበት ካብ ሒደት ደቓይቕ ክሳብ ሒደት ሰዓታት ኣብዝ ኣሎ ግዜ ይኽሰቱ።

### እንታይ ክገብር ኣለኒ?

- ጥዕናዊ ጸገሙ፡ ብርቱዕ ቁጥዐ ናይ ኣካላት ወይ ድማ ህጹጽ ሕክምናዊ ረዲኤት ዘድልዮ ጸገም ኮይኑ እንተ ተሰሚዑካ፡ በዚ ቁጽሪ`ዚ ደውል 9-1-1 ወይ ድማ ነቲ ሰብ ኣብ ቀረባኻ ናብ ዝርከብ ሆስፒታል ውሰዶ። በዚ እንተዘይ ሰሊጡካ ግን፡ ንሓኪምካ ደዊልካ ሓብሮ።
- ብድሕሪ`ዚ፡ ነቲ ዘጋጠመ ጥዕናዊ ጸገማት ብጸብጻብ ናብቲ ንጎድናዊ ሳዕቤናት ክታበት ኣመልኪቱ ሓበሬታታት ኣብ ምእካብ ዝነጥፍ `ቫክሲን ኣድቨርስ ኢቨንት ሪፖርቲንግ`(VAERS) ዝተባህለ ኣሃዱ ልኣኮ። ሓኪምካ ነቲ ጸብጻብ ከመሓላልፎ ይኽእል እዩ፡ ወይ ድማ በዓልካ ብመገዲ`ዚ ዝስዕብ ናይ ቪ.ኤ.ኢ.ኣር.ኤስ ኣድራሻ/መርበብ ሓበሬታ ኣቢልካ ክትልእኮ ትኽእል **www.vaers.hhs.gov**፡ ወይ ድማ በዚ ቁጽሪ`ዚ ደውል **1-800-822-7967**።

ቪ.ኤ.ኢ.ኣር.ኤስ፡ ሕክምናዊ ማዕዳ ኣይህብን እዩ።

## 6 ሃገራዊ መደብ ካሕሳ ጉዳት ክታበት

ሃገራዊ መደብ ካሕሳ ጉድኣት ክታበት(VICP)፡ ብገለ ክታበታት ጥዕናዊ ጉድኣት ወሪዱዎም ክኾኑ ንዝኽእሉ ሰባት ካሕሳ ክህብ ኢሉ ዝቘመ ፈደራላዊ መደብ እዩ።

ክታበት ብምውዶም ጥዕናዊ ጉድኣት ወሪዱዎም ክኸዉን ከምዝኽእል ዝኣምኑ ሰባት፡ ብዕባ'ዚ መደብን ብዛዕባ ኣመላልኣ ቅትዒ ናይ ካሕሳን ዝምልከት ትምህርቲ/ሓበሬታ ንምርካብ፡ በዚ ቁጽሪ`ዚ ክድውሉ **1-800-338-2382** ውይ ድማ በዚ ዝስዕብ ናይ ቪ.ኣይ.ሲ.ፒ ኣድራሻ መርበብ ሓበሬታ ኣቲኹም ክትውከሱ ትኽእሉ **www.hrsa.gov/vaccinecompensation**። ካሕሳ ንምርካብ ዝቐርብ ናይ ጥርዓን ፋይል ገደብ ግዜ ኣለዎ።

## 7 ተወሳኺ ትምህርቲ/ሓበሬታ ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?

- ንሓኪምካ ተወከሶ። ንሱ/ንሳ ነቲ ኣብ መትሓዚ ክታበት ዝርከብ ሓበሬታ ዝሓዘ ወረቐት ክ(ት)ህበካ ወይ ብዛዕባ ካልኦት ምንጬታት ሓበሬታ ክሕብረካ እዩ።
- ናብ ከባቢኻ ናብ ዝርከብ ወይ ድማ ናብ ናይ ክፍሊ-ሃገር ክፍሊ ጥዕና ደዊልካ ተወከስ።
- ንማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት (CDC) ተወከሰን:
  - በዚ ቁጽሪ`ዚ ደውል **1-800-232-4636** (**1-800-CDC-INFO**) ወይ ድማ
  - በዚ ዝስዕብ ናይ ሲ.ዲ.ሲ ኣድራሻ ኣቲኻ ተወከስ **www.cdc.gov/vaccines**

---

Vaccine Information Statement

# Tdap Vaccine - Tigrinya

2/24/2015

42 U.S.C. § 300aa-26

Office Use Only

Translation provided by Minnesota Department of Health